**መግለጺ ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራዋያን ንፍትሒ ዓባይ ብርጣንያ**

ዝኽበርክንን ዝኽበርኩም ኤርትራውያን ኣሕዋትና ብሓበራ፥

መጀምርያ ሕውነታዊ ሰላምናታ ተቐበሉ። ካብኡ ብምቕጻል፥ ወላኳ ኣብ እዋን ሓዘንን ኣብ ኣፈርከቡን እንተለና፥ መበል 25 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ክንዝክር ከለና፥ ብዝለዓለ ኽብርን፥ ብዝለዓለ ሓላፍነትን ክንፍጽሞ ግድን ኢዩ። ናጽነት ኤርትራ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ክነሱ፥ ንሕዝቢ ኤርትራ ግን ካብዚ ዘመን እዚ ዝኸፍእ መዋእል ሕሰረት ኣየሕለፈን። ሕዝብና፡ ነዚ ጸገምን`ዚ ክገጥሞን ክብድሆን ዝበቅዕ  ከኣ ብሓደ ሠሚሩ፡ ብሕጊ ተጠሚሩ፡ ናብ ድሕነቱ እንተ መረሸ ጥራሕ እዩ። በዚ መሠረት፡ ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ፡ ክቡር ነፍሰኄር ዶ/ር ተወልደ ተስፋማርያም ዝጀመሩዎ ናይ ሓድነት ኤርትራውያን ዕላማ፡ ኣድላዪነቱ ተረዲኡ፡ ናብ ሾቶኡ ክተብጽሖ ትሠርሕ ኣላ። ኮሚቴና፥ ብዕለት 17 ጥሪ 2016 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ከተማ ሎንዶን ኣብተኻየደ ሕዝባዊ ኣኼባ፥ ብደረጃ ሃገር ብሪጣንያ ንኹላቶም ኤርትራውያን ዝውክል ድልዱል ኮሚቴ ክትምሥርት፥ ናብቲ መሪጹ ዝለኣኻ ሕዝቢ እማመ ኣቕሪባ ኔራ። ኣኼበኛ ድማ ኣጽዲቑ፡ መሪቑ፡ ዳግም ልኢኹዋ ኢዩ። ካብ ሽዑ ጀሚራ እምበኣር፥ ኮሚቴና፡ ነዚ ዕማም`ዚ ክትፍጽም ኢላ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ሃገር ብሪጣንያ ሕዝባዊ ኣኼባታት እናካየደት፥ ንሕዝቢ ዝውክሉ ኮሚቴታት ክትምሥርት ጸኒሓ እያ። እዚ ብመራኽቢ ብዙኃን ንሕዝቢ ብተደጋጋሚ ክንገለጾ ዝጸናሕና ክንዲ ዝኾነ፥ ዳርጋ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ነገር ኢዩ። ገለ ሰባት ነዚ ዕማም`ዚ ክንጅምር ከለና ዝተቓወሙና ኔሮም ኢዮም። ሎሚ ነቲ ሓሳብና ተቐቢሎም ክሰዕቡዎ ክንርኢ ከሎና  ኣዚዩ የተባብዓና።

ዝኽበርኩምን ዝከበርክንን ደቂ ሃገርና! ኮሚቴና ተሊማቶ ዘላ መደብ ዕዮ፥ ብድሆታት እኳ እንተለዎ፥ ብዘዕግብ ይሰላሰል ኣሎ። ደጊም እተን ኣብ ሃገረ ዓባይ ብሪጣንያ እናኸድና ኮሚቴ ሓድነት ክንቑመለን ዝሓጸናየን ከተማታት፡ ዳርጋ ኣብ ምዝዛመን እየን። ንሱ ምስወዳእና፥ ኣብ ኩላተን ከተማታት ዝርከባ ኮሚቴኣታ ሓድነት፥ ኣብ ውሽጠንን ኣብ ንንሓድሕደንን ክነደልድል ክንጽዕር ኢና። ብድሕሪኡ ብሃገር ደረጃ ዝውክለና ዓቢዩ ኮሚቴ ብምርጫ ክምሥረት ኢዩ። እታ እትቐውም ኮሚቴ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ክትዓሞ ኢልና ዝመደብናዮ ሥራሓት ከኣ እዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት የተቓልል። ንቅድሚት ክምዘሰጉመና ድማ ኣይንጠራጠርን ኢና። እታ እትቐውም ኮሚቴ ሓድነት፥ ንሕዝቢ ኣፍሊጣ ክተመሓዩሾ ከም እትኽእል ግን ክንጠቕስ ንደሊ ኢና።

እታ እትቕውም ኮሚቴ፥

1. ኣብ ሞንጎ ኤርትራውያን ስኒትን ፍቕርን ኮስኩሳ፥ ሕጋዊን ግሉጽን ኣሠራርሓ ብምትእትታውን ብምኽታልን፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዕርቅን ምትእምማንን ክትፈጥር።

2. ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ንኹላትና ኤርትራውያን ወኪላ፥ ምስ መንግሥትውያንን ዘይመንግሥታውያንን ኣካላት ብምርኻብ፥ ንዲፕሎማትን ሰበ-ሥልጣናትን ኩነታት ሃገርና ብጥርኑፍ መገዲ ክተቕርብን ክተረድእን።

3. ፖለቲካዊ ንጥፈታት ሃገርና፡ ንኹላትና ኤርትራውያን ዝጠቅም ምእንቲ ኪኸውን፥ ምስ ደለይቲ ፍትሒ ዝኾኑ ኣካላት ብምርኻብ፥ ሓቢሮም ሓደ ዓለምለኻዊ ናይ ኤርትራውያን ምትእኽኻብ ክፍጠር ድፍኢት ክትገብር፡ እጃማ ክተበርክት፡ ክትዋሳእ።

4. ክእለት ዘለዎም ደቂ ሃገርና ኮነ ካልኦት ጉዳይ ሕዝብና ዘደንግጾም ኣካላት ኣወሃሂዳ፥ መሰል ኤርትራውያን ብዝለዓለ ደረጃ ክኸበር፡ ክትጽዕር።

5. ኤርትራውያን ኣብ ከባቢታትና ኣብ ትሕቲ እዚ ሃገራዊ ኣካል ዝማሓደር ማሕበረሰብ ኣቑምና፡ ሓድነትና ክነደልድል፡ ጸገማትና ክነቃልል፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብዝለዓለ ደረጃ ክትዋሳእ።

6. ምሁራትን ምኩራትን ኣኪባ፡ ኩነታት ኤርትራውያን ኣዕሚቑ ዘረድእ፡ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ መወከሲ ዝኸውን ሰነድ ክትቕርብ። ብተወሳኺ እዚ ናይ ምሁራት ኣካል፡ ነታ ኮሚቴ ከም ኣማኸርቲ ኮይኖም ክሕግዙዋ።

7. ነቶም ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዓብዩ በደል ዘውርዱ ዘለዉ ሰባት/ኣካላት ዝረቐሕን ዝገንሕን ኣካል ኣቑማ፥ ነቶም በደለኛታት ንገሊእም ክትገንሖም፡ ንገሊእም ድማ ብሕጊ ዝሕተቱሉ መርትዖ ክትቕርብ።

ደጋጊምና ክምዝገለጽናዮ፥ ዕላማ ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ፥ ንኹላቶም ኤርትራውያን ክንእኩብ እምበር፡ ንኻልኦት ምንቅስቓሳት ክንትእከእ ኣይኮነን። ነዚ ክነሳልጥ ኩላትኩም ግዱሳ ደቂ ሃገርና፥ ዓቕምኹም ዝፈቕደልኩም ክትሕግዙና ብትሕትና ንሓትት። ኣብዚ ዘለናዮ፡ ዘመን ፋሕፋሕ፡ ሕዝቢ ክትእከብ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ምብትታን መገዲ ጥፍኣት ክንዲ ዝኾነ ግን፥ ኩላትና ሃገራውያን ሕዝብና ዝእከበሉ ሜላ ንሕሰብ፡ ብገርህና ዘረግቲ ክይንኸውን ንጠንቀቕ። ስለዚ እቶም ዕላማን ዕማምን ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ ዘይበርሃልኩም ወይ ዘይተበርሃኩም ኣሕዋትና፥ ግቡእ ኣቃልቦ ሂብኩም፡ ሕሰቡሉም፥ እንተ ኽኣልኩም ክትሕግዙና፡ እንተ ዘይከኣልኩም ከኣ፡ ክሳብ`ታ ዝለዓለት ወኪል እትኾነና ኮሚቴ እነቕውም ክትጽመሙና ንላበወኩም። ንሕና ብወግና፡ ክየባተኽና ንጽዕር ክምዘለና ንገልጸልኩም። ሕቶ ይኹን ርእይቶ ዘለዎ ዜጋ ድማ፥ ኣብቲ ብተደጋጋሚ እነካይዶ ዘለና ሕዝባዊ ኣኼባታት ብግሁዶ እንተቐረበ ጽቡቕ ኢዩ ንብል። ወይ`ውን ብኻልእ መገዲ ክትረኽቡና እንተ ደሊኹም፡ ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ።

እቲ ንቡር ኣሠራርሓ ኮሚቴና ኣብ 4 ወርሒ ሕዝባዊ ኣኼባ ጸዊዓ፥ ዝዓመመቶም ዕዮታት ክትገልጸን፥ ንብድሕሪኡ ዘለዋ መደባት ዕዮ ናብ ሕዝቢ ከተቕርብን ዝብል ኢዩ። ብኣኡ መሠረት፥ ኣብዚ ሰሙን`ዚ ኣብ ከተማ ሎንዶን ኣኼባ ክንገብር ይግባእ ኔሩ። ነዚ ሒዝናዮ ዘለና ዕማም መታን ከንውድኦ ግን፥ እቲ ናይ ሎንዶን ኣኼባ ከም ዝተናውሐ ክንገልጸልኩም ከለና፥ ምስ ይቕሬታኡ ኢዩ። ቀልጢፍና ናይ ሕዝቢ ኣኼባ ክንጽውዕ ክንጽዕር ኢና።

ኮሚቴ ሓድነት ዕማማ ክተሰላስል ኣብ እትገብሮ ዘላ ጻዕርታት፥ ብዙሓት ሃገራውያን ኣሓትናን ኣሕዋትናን ንዝለገሱልና ሓገዛትን ምኽርታታን ክብ ዝበለ ምስጋና ነቕርበሎም፣ ንብድሕሪ ሕጂ`ውን ከይፍለዩና ንምሕጸኖም።

ሕዝቢ ኤርትራ ሰላምን ራህዋን ክረክብ፡ እሱራት ክፍትሑ፡ ንጭቁናት ሓርነት ክእወጀሎም፡ እቶም ዝስደዱ ዘለዉ ናብ ቤቶም ክምለሱ፡ ኣብቲ መወዳእታ ዘይብሉ ግዱድ ዕስክርና ዝርከቡ ንናብ ገዝኦም ክኸዱ፡ መሰል ዜጋታት ክኽበር፥ መሰል ደቀንስትዮ ድማ ብግቡእ ክኽበር፥ ግዝኣተ ሕጊ ክረጋገጽ፥ ኩላቶም ኤርትራውያን ዝደልዩዎ ካብ ኮነ፥ ኩላትና ደቂ ሃገር፥ **ግሉጽ ኣሠራርሓን፡ ሕዝባዊ ተሓታትነትን፡ ሕጋዊ ኣገባባትን ተኸቲልና ናብ ድሕነት ሕዝብና ንውፈር!** እናበልና ደጊምና ንላቦ።

ኣሕዋትኩም ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ፡ ዓባይ ብሪጣንያ
24 ግንቦት 2016